**ኣብ ቤት ማሕቡስ ከለኹም ንዓኻ ወይ ንመቕርብካ ‘አይስ’ ብዘይ ፍቓድኩም ቃለ መሕትት አንተ ገበረልኩም ወይ ከኣ ብዘይግቡእ ካብ ናይ ከባቢ ማሕቡስ ናብ ‘አይስ’ እንተ ተሰጋገርኩም 1-844-878-7801 ኢልኩም ደውሉ፣** መዓልታዊ ንመልእኽትኹም ንሰምዖ/ንከታተሎ ኢና።

‘ትሩዝ አክት’ ሐደ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ ኣብ ናይ ቃልሲ ምስጋግ ‘አይስ’ ካብ ካሊፎርንያ። ንዝያዳ ሐበሬታ **www.catruthact.org** ተወከስ።

**(Not intended as legal advice)**

# The TRUTH ACT:

# መሰልካ ፍለጥ!

ካብ ዕለት ሐደ ጥሪ 2017 ጀሚሩ ሐድሽ ናይ ካሊፎርንያ ሕጊ ‘**ትሩዝ አክት**’ ዝተባህለ መሰረታዊ መሰል ስደተኛታት አብ ናይ ከባቢ ማሕቡሳት ክሕሉ እዩ።

## ኩሉ ግዜ ናይ ዘይምምላስ/ሱቕ ናይ ምባል መሰል አሎካ።

ዝኾነ ዓይነት ዘረባ ምስ አኽበርቲ ጸጥታ እትዛረቦ ተመሊሱ ክጎድአካ ወይ እውን አንጻርካ ክጥቀሙሉ ስለዝኽእሉ ብዛዕባ ኩነታት ኢሚግረሽንካ፡ ዘግነትካ፡ ብኸመይን መአስን ናብ አሜሪካ ከም ዝመጻኻን፡ ናይ መን ዜጋ ሙኻንካን አይትዛረብ።

## ንናይ 'አይስ' ቃለ መሕትት ኖ/አይገብርን እየ ክትብል መሰል አሎካ።

አብ ቤት ማሕቡስ ከሎኻ 'አይስ' ቃለ መሕትት ክገብረልካ እንተኾይኑ ብመሰረት 'ትሩዝ አክት' አቐዲሙ ናትካ ፍቓድ ዝገልጽ ብድልየትካ ዝፈረምካሉ ፎርም ክሕዝ አለዎ። **<u>እዚ ማለት ከአ ነቲ ቃለ መሕትት ክትነጽጎን ትም/ሱቕ ክትብልን መሰል አሎካ</u>**።

ብዝኾነ ምኽንያት 'አይስ' ቃለ መሕትት ክገብረልካ አንተ ፈቲኑ ትም/ሱቕ ናይ ምባል መሰልካ ክጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። **ብተወሳኺ ጠበቓኻ ክቐርበልካ ክትሐትት ትኽእል ኢኻ**፡ ናይ ኢሚግረሽን ጠበቓ እንተ ዘይብልካ ኮይኑ ብገንዘብካ ባዕልኻ ክትደሊ ወይ ከአ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ብነጻ ዝሰርሑ ጠበቓታት ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ቤት ማሕቡስ ከሎኻ 'አይስ' ይደልዩኻ ምህላዎም **ክትፈልጥ መሰል ኣሎካ**፡ ብመሰረት 'ትሩዝ አክት' ፖሊስ ኮነ ሸሪፍ ናይ 'አይስ' ቅዳሕ (ንተወሳኺ ግዜ ይተሐዘልና ዝብል ሕቶ ወይ ከአ መአስ ዕለትን ሰዓትን ካብ ቤት ማሕቡስ ከም ትወጽእ ክሕበሩ ከም ዘለዎም ዝገልጽ ወረቐት ) ክህቡኻ ኣለዎም።

ፖሊስ ኮነ ሸሪፍ ንዓኻ፡ንጠበቓኻ፡ ወይ ንስኻ ዝሐረኻዮ ሰብ 'ንአይስ' መአስ ካብ ማሕቡስ ከምትወጽእ ዝነግርዎም አንተኾይኖም ብጽሑፍ ክሕብርኹም አለዎም። እዚ ንዓኻ ተወሳኺ ግዜ ይህበካ ንጉዳይካ ደልዲልካ ክትዳለወሉን ክትከራኸረሉን።

አብ መብዛሕቲኡ ጉዳያት ናይ ከባቢ ማሕቡሳት ንሐደ ሰብ ምጥራዝ/ምስጋግ ዝምልከት ንተወሳኺ ግዜ ክሕዝዎ አንጻር ሕጊ እዩ። እንተ ደአ ናይ ከባቢ አኽበርቲ ጽጥታ (ከም በዓል ፖሊስ ወይ ሸሪፍ) ብናይ 'አይስ' ሕቶ አሲሮሙኻ እሞ ኸአ ናይ ዳኛ ብቑዕ ዝኾነ ምኽንያት ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ክኽሰሱን ንዓኻ ካሕሳ ክህቡኻን ክግደዱ ይኽእሉ እዮም።